25 ሓምለ 2006 ....መቐጸልታ

ካልኣይ ዙር ናይ'ዚ ዕለት'ዚ ኣኼባ ክሳዕ ሰዓት 10፡00 ናይ ምሸት ኢዩ ቀጺሉ። እቲ ክትዕ ኣብ ውድባዊ መደብ ዕዮን ውሽጣዊ ሕግታትን ቍጽሪ ኣባላት ሓድሽ መሪሕነትን ኢዩ ነይሩ። በቲ ኣብ 2003 ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘጋጠመ ምፍንጫል፡ ቍጽሪ ኣባላት መሪሕነት ነክዩ'ዩ ጸኒሑ። መሪሕነት፡ ነቲ ኣብ መጻኢ ክዕመም ዘለዎ ስርሓት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ'ዞም ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤ ዝምረጹ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ብዝሒ ክንደይ ክኸውን ከምዘለዎ ለበዋኡ ናብ ሰክረታርያ ጕባኤ ኣቕሪቡ።

መሪሕነት ውድብ፡ ኣብያተ-ጽሕፈታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንውድብን ንህዝብን ብግቡእ ከገልግላ እንተደኣ ኰይነን እኹል ቍጽሪ ክህልወንን ብቑዕ ዓቕምታትን ክውንናን ኣለወን ዝብል እምነት ከምዘለዎ ገሊጹ። ካብ'ዚ ተበጊሱ መሪሕነት ወይ ሰውራዊ ባይቶ ብ37 ቀወምትን 3 ተጠባበቕትን ኣባላት ክቕውም ኣለዎ ዝብል ርእይቶ ኣቕሪቡ። ገለ ካብ ጕባኤኛታት ድማ፡ 29 ቀወምትን 2 ተጠባበቕትን ክኸውን ዝብል ርእይቶ ኣቕሪቦም። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ሰውራዊ ባይቶ ብ33 ቀወምትን 4 ተጠባበቕትን ክቕውም ዝብል ርእይቶ ብምሉእ ድምጺ ናይ ጕባኤኛታት ጸዲቑ። ናይ ኵሉ ዓወት ድማ ነይሩ።

26 ሓምለ 2006
ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲ

ከም ልሙድ ጕባኤ ሰዓት 9፡00 ናይ ንግሆ ጀሚሩ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ጕባኤ ብዛዕባ ሓድሽ ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲ ዓሚቝ ክትዓት ኣካይዱ። ብመጀመርያ፡ ብዛዕባ'ዚ ጕዳይ'ዚ ሓጺር መብርሂ ንጕባኤኛታት ተዋሂቡ። ኣብ ዝሓለፉ መዋእላታ ናይ ተጋድሎና ክንክተሎ ዝጸናሕና ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብቲ ዝብል'ዩ ነይሩ። እዚ ብፍልስፍና ናይ ዴሳዊ ደንበ ዝተጸልወ ፖሊሲ'ዚ፡ ኣካል ናይ ፖለቲካዊ ፕሮግራምና ኰይኑ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ሰውራና ቀጺሉ ኢዩ።

ናይ ዓለምና ምጣነ-ሃብቲ ኣብ ዝቕየረሉን ግሎባላይዘሽን ኣብ ዝዕብልለሉን ዘሎ ህሞት ድማ፡ ጕባኤ፡ ነዚ ፖሊሲ'ዚ ዳግማይ ርእይቶ ክገብረሉን፡ ንሃገርና ማዕረ ማዕረ ምዕቡላት ሃገራትውድባት ዘሰጕሞ ሓድሽ ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲ ከተኣታቱን ግድን ኰይኑ። ድሕሪ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ክትዕ፡ ጕባኤ፡ ነቲ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብቲ ብናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ ዝብል ፖሊሲ ክትካእ ወሲኑ። ጕባኤ፡ ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲ፡ ነቶም ክወዳደር ዝኽእል ዓቕሚ ዘይብሎም ክፋላት ዘስዕቦ ገለገለ ጉድኣታት ከምዘሎ ተዓዚቡ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኵነታት፡ መንግስቲ ጥዑይ ሃዋህው ንምፍጣር ነቶም ድኹማት ሸነኻት ዝድግፍ ምትእትታው ክገብር ከም ዝኽእል ጕባኤ ኣስሚርሉ። ከምኡ ውን፡ ጕባኤ ብዙሕ ካልእ ንእስ ዝበሉ ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲታት ኣመሓላሊፉ። መሰረታዊ ስትራተጂ ናይ ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲና ከኣ፡ ድኽነት ካብ ሃገርና ደምስሲካ ብልጽግቲ ሃገር ምህናጽ ኢዩ።

ዋንነት መሬት፡-

ልዕሊ 90% ካብ ህዝብና ኣብ ሕርሻን ምርባሕ ከብትን ዝምርኰስ ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ጕዳይ መሬት ኣብ ኤርትራ ናይ መንነት ሕቶ ውን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ መሬት ንኤርትራውያን ናይ እቶት ምንጪ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ናይ ስነ-ኣእሙራዊ ሕቶ ውን ኢዩ። ህልዊ ስርዓት ኣስመራ ግን፡ መሬት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ካሕሳ፡ ካብ'ቲ ሕጋዊ ወናኒኡ ዝኾነ ህዝቢ ብሓይሊ ክምንዝዕ ኢዩ ዝርአ ዘሎ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ንምርካብ፡ መሬት ካብ ድኻታት ኤርትራውያን መንዚዑ፡ ናብ ሃብታማት ይሸጠ ኣሎ። ብሰሪ'ዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራ፡ ጕባኤ ብትኹረት ተመልኪትዎ። ንኹሉ ኣሉታውን ኣወንታውን ሸነኻት ናይ'ዚ ፖሊሲ'ዚ ብዕምቈት ድሕሪ ምግምጋም ከኣ፡ እቲ ካብ ሓረስቶት እተመንዝዐ መሬት ብፍትሓውን ሕጋውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ክምለስ ከምዘለዎ ደጊሙ ኣረጋገጸ።

ካልእ፡ ጕባኤ ውሳኔ ዘመሓላለፈሎም ምጣነ-ሃብታዊ ጕዳያት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ሕርሻን ከባብያዊ ብክልናን፤
2. እንስሳ ዘገዳምን ናይ ዱር እንስሳን፤
3. ባህርያዊ ሃብትን ኢንዱስትሪን
4. ምክልኻል ሃገር፤
5. ተለኮምኒከሽንን መጓዓዝያን፤
6. ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት፤
7. ትምህርቲ፤
8. ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና፤
9. ውጉኣት ሓርነትን ስድራ ቤት ስውኣትን
10. ገዳይም ተጋደልቲ
11. ኣረጋውያን
12. ጡረተኛታት
13. ደቂ ኣንስትዮ፤
14. ሰራሕተኛታት፤
15. ሓረስቶት፤
16. መንእሰያት
17. ስደተኛታት

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንልዑላውነት ሃገርን፡ ንሓድነትን፡ ንግዝኣተ-ሕግን፡ ንምፍልላይ ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ሃይማኖትን፡ ንሕብረተ-ሰብኣዊ ፍትሕን ሰብኣዊ መሰላትን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማዕርነትን ናጻ ፕረስን ሰላምን ዝጣበቕ ውድብ ኢዩ።

ጋንታ ንሓርነት ዳት ካም

---

26 ሓምለ 2006

<u>ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናብ ሰልፊ ምስግጋግር:</u> ኣብ ካልኣይ ዙር ናይ ጕባኤ፡ ብመሪሕነት ዝተዳለወ ሓደ ሓድሽ ምዕራፍ ናብ ክትዕ ወሪዱ። መሪሕነት ውድብ፡ ኣብ መጀመርያ ተስዓታት፡ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናብ ሰልፊ ንምስግጋር ዘይተኣወጀ ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ ይግበር ከምዝነበረ ሓቢሩ። በቲ ሽዑ ዝነበረ ዘይምቹእ ሃዋህው ግን፡ እቲ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣይከኣለን።

ስውእ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝመርሓ ዝነበረ ናይ መጽናዕቲ ኮሚቴ፡ ጸብጻባታ ናብ መሪሕነት ኣቕሪባ። መሪሕነት ድማ፡ ነቲ ጸብጻብ ኣጽኒዑ ናብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣቕሪብዎ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንስርዓት ኣብዝሓ ሰልፍታት ዝቃለስ ውድብ ከም ምዃኑ መጠን ከኣ፡ እቲ ብመሪሕነት ውድብ ናብ ጉባኤ ዝቐረበ ንድፌ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናብ ሰልፊ ክሰጋገር ዝጽውዕ ነበረ።

ኣብ'ቲ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ዝካየድ ዝነበረ መድረኽ ሓርነታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ብሰልፊ ዕዮ ዝፍለጥ ምስጢራዊ ፓርቲ ምንባሩ ይዝከር። እዚ ሰልፊ'ዚ ግን፡ ኣብ መጀመርያ ሰማንያታት ተሓኤ ናብ መሬት ሱዳን ድሕሪ ምእታዋን ኣብ ብዙሓት ክንፍታት ድሕሪ ምምቕቓላን ህላዌኡ ከምዘኽተመ ይፍለጥ። እቲ ሓቂ እዚ ክነሱ፡ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ተጻባእቲ ግን፡ ኣብ መንጎ መሪሕነትን መሰረትን ጋግ ንምፍጣር፡ ሰልፊ ዕዮ ጌና ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብምስጢር ይነጥፍ ኣሎ ዝብል መናፍሓት ክዝርግሑ ኢዮም ጸኒሖም። እዚ ፈተነታት'ዚ፡ ግን ብዘሕፍር ኣገባብ ኢዩ ፈሺሉ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዙሓት ሰልፍታት ብናጽነት ዝዋስእሉ ስርዓት ክህሉ ኢዩ ዝኣምን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ውድብና ናብ ሰልፊ ንኽሰጋገር ዝድርኹ ምኽንያታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ቅድሚ 30 ዓመታት እተወልደ ህጻን ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣይፈልጠን ኢዩ። እዚ ድማ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ክልተ ወለዶታት ጋግ ምህላዉ ኢዩ ዘመልክት፤
2. ኣካል ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ታሪኹን ኰይኖም ዘይስምየም ብዙሓት ኤርትራውያን ስለዘለዉ፤
3. ሰልፊ ብምምስራት ሓድሽ ዲሞክራስያዊ ሃዋህው ክንፈጥር ንኽእሊ ኢና ዝብል እምነት ስለዘሎና፤
4. ምምስራት ናይ ሰልፊ ንተሳትፎ ናይ ኵሎም ኤርትራውያን ኣብ ሃገራዊ ጉዳያቶም ከዕዝዞ'ዩ ዝብል እምነት ስለዘሎና።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንበይኑ ሰልፊ ናይ ሰልፊ ናይ ምስግጋር ድሌት የብሉን። ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ ርእይቶ ዘለዎም ፖለቲካዊ ውድባትን ጉጅለታትን ውልቀ-ሰባትን ሓቢሩ ብምስራሕ ኢዩ ነቲ ግንባር ናብ ሰልፊ ከሰጋግሮ ዝመርጽ። ስለዝኾነ ድማ፡ ንዅሎም'ቶም በዚ ጉዳይ'ዚ ዝግደሱ ፖለቲካዊ ውድባትን ጉጅለታትን ውልቀ-ሰባትን፡ ነቲ ጉዕዞ ሓቢሮም ክምርሽዎ፡ ጻውዒቱ ከቕርብ ኢዩ።

ጉባኤ፡ ብዓብላሊ ድምጺ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት ናብ ሰልፊ ክሰጋገር ወሲኑ።
ሰክረታርያ ጉባኤ፡ ንድፊ ኣዋጅ እተዳሉ ሽማግለ መዚዛ ኣላ። ከምኡ ውን፡ ንመሪሕነት ዝምረጹ ሕጹያት፡ ብጉባኤኛታት ተመሪጾም ኣለዉ። ጽባሕ ዕለት 27 ሓምለ ድማ፡ ነቲ ምርጫታት እትመርሕ ኮሚቴ ክትምረጽ ምዃና ተፈሊጡ ኣሎ።

ጋንታ ንሓርነት ዳት ካም